ጸረ ኣድልዎን ጸረ ክብሪ ዚደፍር ኣተሓሕዛን ዝተሓንጸጸ መደብ

ካምፑስ ንይሾፒን (Campus Nyköpings)፡ ንኹሉ ዓይነት ኣድልዎን ክብሪ ዚደፍር ኣተሓሕዛን ይቃወም። ኵላቶም ኣብዚ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ፡ ከከም ዘሎዎም ብቕዓትን ብምዕሩይ ኵነትን፡ ከም ውልቀሰባት ኪተሓዙ መሰል ኣሎዎም። ኵነታት ኣድልዎን ክብሪ ዚደፍር ኣተሓሕዛን እንተ ተኸሲቱ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ኵሉሳዕ ስጉምቲ ኪወስድ ይግባእ።

ቤት ትምህርቲ ኣባጽሒ፡ ተመሃሮን ሰራሕተኛታት ስታፍን ዚምዕቡሉሉ፡ ቅሳነት ከም ዚስምዖም ዚገብር፡ ውሑስን ዘተኣማምንን ቦታ ኪኸውን ይግባእ።

ተማሃራይ ይኹን ሰራሕተኛ፡ ንኣድልዎን ክብሪ ንዚደፍር ኣተሓሕዛን ፈጺሙ ኪቃላዕ የብሉን፤ ይኹን እምበር፡ ከምዚ ዝዓይነቱ ተርእዮ እንተ ኣጋጢሙ፡ ንመን ኪውከስ ከም ዘለዎ ኵሉ ሰብ ኪፈልጥ ይግባእ።

ኵላቶም ኣብ ካምፑስ ንይሾፒን ዚመሃሩ ወይ ዚሰርሑ፡ ነቲ ዘሎ መደብ ኪፈልጥዎ ወይ ኪረኽብዎ ይግባእ፤ ዚጥርጠሩ ጕዳያት ኣድልዎን ክብሪ ዚደፍር ኣተሓሕዛን ብኸመይ ከም ዚእለዩ ከኣ ኣፍልጦ ኪህልዎም ይግባእ።

ኵሉ መደባት ኣተኣላልያ፡ ኣብ መድረኽ ትምህርቲ “ሙድል”(Moodle) ከምኡውን ኣብ ክፍሊ ሓበሬታ ካምፑስ ንይሾፒን (Campus Nyköpings Information) ይርከቡ።

ኣብዚ መደብ’ዚ ርእይቶ እንተሎካ፡ ወይ ዘይትተኣማመን እንተ ኾይንካ፡ ንመምህርካ ወይ ንዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።

ካምፑስ ንይሾፒን (Campus Nyköping)

ሮስማሪ ጋርዲን (Rosmari Gärdin)

ሓላፊት ትምህርቲ